# <u>መሰልና ንምሕላው ባዕልና ክንቃለስ ይግባእ፡</u>




ኣብ ዕለት 7 ጥቅምቲ 2006 ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ዝርከብ ኤርትራዊ ማእከል፡ ብርክት ዝበለ ቁጽሪ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዝተረኽባሉ ኣኼባ ተኻይዱ። እዚ ኣኼባዚ መቀጸልታ ናይቲ ካብ 2005 ኣብ ቦታ መበል 20 ፌስቲቫል ኤርትራ ዝተጀመረ ርክክባትን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ክሰላሰል ዝጸንሐ ቀጻሊ ኣኼባታትን ኰይኑ፡ ንኩሉ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጸም ፖለቲካውን ሰብኣውን ጭቆናን ወጽዓን ኣብ ምግጣምን፡ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ውሑስን ቀጻልን ንምዃን ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ውዱብ ናይ ግትምያ መስርሒ ዝኸውን ማሕበር ንምቛም ዝዓለመ ኣኼባ ምንባሩ ክኣ ተፈሊጡ።




እተን ኣብዚ ኣኼባዚ ዝተረኽባ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልዕሊ ኣዴታተንን ኣሓተንን በቲ ስርዓት ዝፍጸም ዘሎ ሕሉፍ ኣደራዕን ግህሰትን ብሓፈሻ፡ ባዕላተን ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራውያን ብዘይ ዝኾነ ይኹን ኣፈላላይ ተጥርኒፈን ክምክትእን ከቃልዕኦን ከምዝግባእ ብምግንዛብን፡ ንዝጸንሐን ኣገባብ ኣከያይዳ ድሕሪ ምምዛንን፡ ኣድማዕነት ናይቲ ክቐውም ዝድለ ዘሎ ማሕበር ንምንርግጋጽ ሓንቲ ናብ ዝሰፍሐ ጉባኤ እተሰጋግርን መጽናዕቲ እተካይድን ሓሙሽተ ዝኣባላታ ክልተ ተጠባበቕቲ ዘለዉኣ ሽማግለ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ብምምራጽ፡ ኣኼባ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ከምዝተደምደመ ተሓቢሩ።

ድምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዊ ፈነዋ

08.10.2006